15 ሕዳር 2024

# እዚ ግኑን ኮኾብ፡ ብሉጽ ስፖርተኛ ንኺኽውን ዕንቅፋታት ብምሕላፍ ይዕወትን ድርኺት ይፈጥርን

Najee Smothers፡ 17 ዓመት ምስገበረ፡ ዕንቅፋታት ስዒርካ ምውዳእ እንታይ ማለት ምዃኑ ኣፍልጦ ክህልዎ ጀሚሩ። Najee፡ ዋላ'ውን ኤርንያ ዕትብቲ ሕቘ ሃልዩዎ እንተተወልደ፡ ኣብ ጉዕዞኡ ዘጋጥሞ ብድሆታት ብዘየገድስ፡ ንሕልምታቱ ንኺነብር ኩሉ ግዜ ቆራጽ እዩ። እቲ ዘለዎ ኩነታት ወይ እቲ ሽውዓተ ዓመት ኣብ ዝገበረሉ እዋን ዘጋጠሞ መቚረጽቲ ታሕተዋይ እግሪ፡ ነቲ ክኾኖ ዝኽእሎ ብሉጽ ኣትለት ካብ ምዃን ፍጹም ኣየዐንቀጾን—እዚ ጉዕዞ'ዚ ድማ ኣብ ዓለም ኣፍልጦን ክብርን ዝረኸበሉ እዩ።

እዚ ኣገዳሲ ኣባል ጋንታ ኩዑሶ ሰኪዔት ዓረብያ ስንኩላን DeKalb Silver Streaks ዝኾነ Najee፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ጥቅምቲ ኣብ ኣትላንታ ዝተኻየደ ዓመታዊ *ሽልማታት ናይቲ ኣብ ምዝንጋዕን ትምህርትን ዝረዓመ ፕሮግራማት ስፖርት* (*Adapted Sports Programs in Recreation and Education (ASPIRE) Awards)*፡ እቲ ኣብ ጆርጅያ ኣዝዩ ዝኸበረ ተጻዋቲ ሓፈሻዊ ውድድር (Most Valuable Player Overall League) ዚብል ሽልማት ረኺቡ። ብAmerican Association of Adapted Sports Programs, Inc. (AAASP) ዝተኣንገደ ኮይኑ፡ ሽልማታት ASPIRE፡ ነቶም ብደረጃ ሃገር ኣብ ዝካየድ ዝረዓመ ዓይነታት ስፖርት ኣበርክቶታት ንዝገበሩ ውልቀሰባትን ትካላትን ኣፍልጦ ዚህብ እዩ።

“ኩሉ ሰብ ይዕዘበኒ ከምዘሎ ብሓቂ ንኽፈልጥ ዝገበረኒ ሽልማት ስለዝኾነ ሓጐስ ተሰሚዑኒ” ብምባል Najee ተዛሪቡ። “እዚ ሽልማት ምርካበይ፡ [AAASP] ክሳዕ ክንደይ ከምዝግደሰለይን እቲ ክገብሮ ዝኽእል እንታይ ምዃኑ ክሳዕ ክንደይ ከምዝፈልጥን ዜመልክት ስለዝኾነ፡ ንዓይ ዓቢ ትርጉም ዘለዎ እዩ።”

ክእለት Najee ኣፍልጦ ዝረኸበሉ ግዜ፡ እዚ ናይ መጀመርታ ግዜ ኣይኮነን። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብ ውድድር ስፖርት AdaptED ንደቀተባዕትዮ ንዝውሃብ ናይዚ ዓመት'ዚ ኣትለት ዝብል ሽልማት ASPIRE ኣብ 2023 ረኺቡ እዩ።

እቲ ናይ ኣትለቲክስ ጉዕዞኡ፥ ሓደ ሰብ ነቲ ዘገርም ፍጥነቱ ዝተዓዘበሉን ናብ ጋንታ ኩዑሶ ሰኪዔት ዓረብያ ስንኩላን DeKalb Silver Streaks ንኺጽንበር ምትብባዕ ዝገበረሉን ወዲ ሽድሽተ ዓመት ከሎ እዩ። እዛ ጋንታ'ዚኣ፡ ኣካል ፕሮግራም ዝረዓመ ስፖርት DeKalb County School District እዩ።

“ብኸምዚ ኣገባብ ጀሚረ፣ ካብቲ ግዜ'ቲ ጀሚረ ድማ ፍትየዮ'የ” ብምባል ተዛሪቡ።

Najee፡ ነቲ ጸወታ ቀልጢፉ ዝፈተዎ ህርኩት ቆልዓ ከምዝኾነ፡ ቀንዲ ኣሰልጠኒ Silver Streaks፡ Delton Schoates ይዝክር።

“ኣባል ናይታ ጋንታ ምዃኑ ባህ ኢልዎ እዩ። እተን ኣንጻረን ዝተጻወትናለን ብዙሓት ጋንታታት ድማ እቲ ንእሽቶ ጽቡቕ ቆልዓ ኣብቲ ሜዳ ላዕልን ታሕትን ክብል ከሎ ክርእያኦ እንከለዋ ይፈትዋ እየን” ብምባል ኣሰልጣኒ Schoates ይዛረብ። “ሓደ-ሓደ ግዜ ንማልያኡ ኣብ ሕቑኡ የንጠንጥሎ፣ እዚ ኣገባብ'ዚ ድማ መለለዪኡ ኮይኑ እዩ።”

ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ Everette Schoates ድማ ነቲ Najee ኣብ ምምሃርን ምምራሕን ዘለዎ ዓቕሚ ንኢድዎ።

“ኲሉ ግዜ ንኺመሃር ምሒር ድሌት ነይርዎ፣ ንኽገብሮ ዘይፍትኖ ነገር ዋላሓንቲ ኣይነበረን” ብምባል ይዛረብ። “Najee፡ ናብ ተጻዋታይ-ኣሰልጣኒ ዓብዩ ኣዩ። ንጋንታ ከሰልጥን፣ ንጋንታ ኣኪቡ ኪመክር፣ ዕረፍቲ ኪጽውዕ፣ ዓይነት ጸወታ ከመይ ምዃኑ ኪፈልጥን ንሕግታት ነፍስወከፍ ጸወታ ድማ ኪፈልጥን ይኽእል እዩ።”

Najee፡ ትሽዓተ ዓመት ኣብ ዝገበረሉ፡ ጸጋማይ እግሩ ስለዝነደደ ረኺሱ፡ እቲ ታሕተዋይ ክፋል ናይቲ እግሩ ከምዚቝረጽ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፡ እቲ ዘጋጠሞ ነገር ካብ ዕላማታቱ ከዕንቅፎ ኣይፈቐደሉን።። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ኲዑሶ ሰኪዔት ዓረብያ ስንኩላን፡ ኲዑሶ እግሪ ዓረብያ ስንኩላን፡ ኣብ ኲዑሶ ኢድ ዓረብያ ስንኩላን ከምኡውን ኣብ ትራክን መሮርን ጒያ ዓረብያ ስንኩላን ብምስታፍ ኣብ ብዙሕ ዝዓይነቱ ናይ ኣትለቲክስ ስፖርት ዚጻወት ኣትለት ኮይኑ፣ ብኣትለቲክስ ንኺበጽሖ ዝዓለሞ ስፖርታዊ ዕላማ ድማ በጺሑ።

እቲ ኣብ ኲዑሶ ኢድ ዓረብያ ስንኩላን ዘርኣዮ ፍሉይ ዓቕሚ ድማ ኣብ ዓይኒ ጋንታ ሃገራዊት ኲዑሶ ኢድ ዓረብያ ስንኩላን ሕ. መ. ኣሜሪካ (USA National Wheelchair Handball Team) ኣትዩ። ንኽፍተን ተዓዲሙ፣ Najee ድማ እቲ ዝንኣሰ ተጻዋታይ ናይታ ጋንታ ብምዃን ኣባል ናይታ 10-ሰባት ዝኣባላታ ጋንታ ኮይኑ። ኣብ ወርሒ መስከረም፡ ኣብ ዓለማዊ ሻምፕዮን ኲዑሶ ኢድ ዓረብያ ስንኩላን ኣህጒራዊ ፈደረሽን ኲዑሶ ኢድ (International Handball Federation (IHF) Wheelchair Handball World Championships) ንኺወዳደር ምስታ ጋንታ ናብ ግብጺ ተጓዒዙ። Najeeን ጋንታን፡ ብሩር መዳልያ ብምርካብ ናብ ዓዳ ተመሊሳ—እዚ ድማ ሃገራዊ ጋንታ ንፈለማ ግዜ ዝረኸበቶ ዓወት እዩ።

“ንጋንታይ ንኽትዕወት ምሕጋዘይን ኣብ መቐየሪ ቦታ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ድማ ደገፈይ ብዓውታ ምሃበይን ብሓቂ ባህ ዘብል እዩ” ብምባል ተዛሪቡ።

Najee፡ ከም ሓድሽ ተማሃራይ ናይታ ኣብ Gwinnett County እትርከብ Grayson High School መጠን፡ ናብ ኮሌጅ ብምእታው፡ ነቲ ናይ ኣትለቲክስ ሞያኡ ንኺቕጽሎ መደብ ኣለዎ። ናብ Auburn University፡ University of Alabam ከምኡውን University of Wisconsin-Whitewater ንኺኣቱ መደብ ኣለዎ። ኮሌጅ ምስወድኤ፡ ኣብ ጋንታ ኲዑሶ ሰኪዔት ዓረብያ ስንኩላን ደቀተባዕትዮ ሕ. መ. ኣሜሪካ (U.S. Men’s Wheelchair Basketball Team) ንኺኣቱ ኪፍትን መደብ ኣለዎ፣ ንሃገራዊት ጋንታ ኲዑሶ ኢድ ወኪሉ ምጽዋት ድማ ኪቕጽሎ እዩ።

Najee፡ እቲ ዝረኸቦ ዓወታት ነቶም ተመሳሳሊ ብድሆታት ዘጋጥሞም ካልኦት ሰባት ድርኺት ንኺፈጥረሎም ተስፋ ኣለዎ።

“ካልእ ሰብ ገለ ነገር ክትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም ብምባል ከነኣእሰኩም ኣይተፍቅድሉ” ብምባል ይዛረብ። “ጸዓሩ፣ ተስፋ ድማ ኣይትቑረጹ።”

Najee Smothers፡ ፍሉይ ዝኾነ ቆራጽነትን መንፈስን ስለዘለዎ፡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ዘጋጠሞ ዕንቅፋታት ኣይዝክሮን እዩ—ዘይብጻሕ ዝኾነ ዓይነት ሕልሚ ከምዘየሎ ብምርግጋጽ ድማ ንኻልኦት ሰባት ድርኺት ይፈጥረሎም ኣሎ።